# ንዓኻ ከይሕዘካ ንኻልኦት ውን ከይለግበም ተኸላኸል

Folkhälsomyndigheten



## ኢድካ ደጋጊምካ ተሓጸብ!

እቲ ተላጋቢ ነገር፡ ብቐሊሉ'ዩ ኣብ ኢድ ዝጣበቕን እናተላገበ ድማ ዚኸይድን። ኢድካ ብሳምናን ውዑይ ማይን ጌርካ፡ እንተ ሓጸረ ን20 ካልኢት ዝኸውን ደጋጊምካ ተሓጸብ። ኢድካ ንምሕጻብ ኣብ ዘይትኽእለሉ ኩነታት፥ ናይ ኢድ ኣሎኮል ከም ኣማራጺ ተጠቐም።



## ክትስዕልን ክተንጥስን ከሎኻ ኣብ መዓጽፎ-ቅልጽምካ ግበሮ!

ኣብ መዓጽፎ-ቅልጽምካ ወይ ኣብ ወረቐት-መንዲል ብምስዓልን ብምንጣስን፥ ነቶም ተላጋቢ ነገር ዝሓዙ ደቀቕቲ ነጠብታታት፡ ኣብ ከባቢኻ ንኸይተሓላለፉ ወይ ኣብ ኢድካ ንኸይጠብቁ ክትከላኸሎም ኢኻ። ነቲ መንዲል-ወረቐት ኣብ መኣከቢ-ጐሓፍ ደርብዮ፥ ኣእዳውካ ድማ ተሓጸብ።



## ዓይንኻ፡ ኣፍንጫኻ ከምኡ ውን ኣፍካ ካብ ምትንኻይ ተቖጠብ!

ከምኡ ንዘይምግባር ከቢድ ኪኸውን ይኽእል'ዩ፥ ስለዚ ነቲ ተላጋቢ ነገራት ካብ ኢድካ ንምልጋሱ፥ ብማይን ሳምናን ጌርካ፡ ኢድካ ደጋጊምካ ተሓጸብ።



## እንተ ሓሚምካ ኣብ ገዛኻ ጽናሕ!

እንተ ሓሚምካ ኣብ ገዛኻ ከም ትጸንሕ ግበር። ሽዑ ድማ ንኻልኦት ሰባት ኣይክተልግበሎምን ኢኻ።

!

እቲ ተላጋቢ ነገር፡ ኣብ ኵሉ ከባቢና እዩ ዘሎ።

ጽቡቕ ጌርካ ኢድካ ብጽሬት ምሓዝ፥ እቲ ንዓኻን ንኻልኦትን ትከላኸለሉ ዝቐለለ ኣገባብ'ዩ።

እቲ ልሙድ ሕማም ዝተሓላለፈሉ መገዲ፥ እቲ ብምትንኻፍ ኣእዳውና ዚግበር'ዩ።

FOLKHÄLSOMYNDIGHETEN, 2020 ARTIKELNUMMER: 20032-27Undvik att bli smittad och att smitta andra Tigrinja UNDVIK SMITTA, TIGRINJA A4 GRAFISK PRODUKTION: ETC KOMMUNIKATION